Rijksinstituut voor Volksgezondheid
en Milieu

Ministerie van Volksgezondheid
Welzijn en Sport

ምላሽ ትህበሉ ኣድራሻ: RIVM-DVP West, POSTBUS 654, 2700 AR ZOETERMEER

xxxx
xxxx
xxxx xx xxxxxx

Postbus 654
2700 AR Zoetermeer
www.rivm.nl

KvK Utrecht 30276683

T 088-67 88 930
dvpwest.rvp@rivm.nl

ዕለት ታሕሳስ 2021
ኣርእስቲ ጉዳይ ነቲ ነናይ መጨረሽታ ጸረ HP ክትባት ንኽትወስድ ዕድመ

ተለጠፍቲ ሰነድ(ዳት)
ናይ ትካል JGZ ደብዳቤ
ናይ ክትባት ካርድ(ታት)

ዝኸበርካ ለ.ሰ. ድራከንስትሮንክ፣

ቅድሚ ሽዱሽተ ወርሒ ነቲ ናይ መጨረሽታ ጸረ HPV (ሁማን ፓፒሎማ ቫይረስ) ክታበት ንኽትወስድ መጸዋዕታ ልኢኽናልካ ኔርና። ይኹን እምበር ብመሰረት እቲ ንሕና ዘለና ሓበሬታ ንስኻ ነቲ ክትባት ክሳብ ሕጂ ኣይተወሰድካዮን ኣለኻ። ስለዚ ድማ ነዚ ክትባት እዚ ንኽወስዶ እንደገና ንዕድመካ ኣለና። ድሕሪ እዚ ክትባት እዚ ካብቲ ብሰንኪ HPV ክሕዘካ ዝኽእል ሕማም መንሽሮ ጽቡቕ መከላኸሊ እዩ ዝግበረልካ።

**ሕቶ ኣለካዶ?**
ምናልባት ሕቶታት ክህልዉኻ ይኽእሉ እዮም ወይ እውን እቲ ክትባት ከጨንቕካ ይኽእል ይኸውን እዩ፣ብዛዕባ'ዚ ዝምልከት ብመንገዲ JouwGGD.nl ምስ ኣለይቲ ሕሙማት ወይ ናይ ቆልዑት ክንክን ጥዕና (jgz) መዓልታዊ ክትዘራረብ (ቻት ክትገብር) ትኽእል ምዃንካ ትፈልጥ ዶ? ኣብ rvp.nl/hpv እውን ብዛዕባ HPV ዝምልከቱ ብዙሓት ሓበሬታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

**ኣበይን መዓስን ኢኻ ነቲ ክትባት ትወስዶ?**
ኣብቲ ኣብዛ ደብዳበ እዚኣ ዘሎ ናይ ዕድመ ወረቐት ነቲ ናይ መጨረሽታ ክታበት ኣበይን መዓስን ክትወስዶ ከም ትኽእል ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።
እቲ ክትባት ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ኢዩ ዝውሰድ። ብዛዕባ እዚ ክትባት ብዝምልከት ምስ ወለድኻ ወይ ኣለይትኻ እውን ተዘራረበሉ ኢኻ። ነቲ ክትባት ክትወስዶ ክትመጽእ እንከለኻ ነቲ ናይ ክትባት ካርድን ነቲ ናይ ክትባት ምስክር ወረቐትን ሒዝካዮ ክትመጽእ ብትሕትና ንሓተካ። ቕድሚ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ይገብር ነቲ ናይ መጀመርታ ክትባት ክትወስዶ እንከለኻ ናይ ክትባት ምስክር ወረቐት ተዋሂብካ ኔርካ ኢኻ።

**ነቲ ጸረ HPV ክታበት ድሮ ወሲድካዮ ኣለኻ ዲኻ?**

ኣምበኣር ነቲ ዝተመልአ ናይ ክትባት ምስክር ወረቐት ስካን ግበሮ ወይ ድማ ስኣሎ፣ ብድሕርዚ ብኢ-መይል ክትልእኸልና ወይ ድማ ናብቲ ኣብ ላዕሊ ኣብ'ዛ ደብዳበ እዚኣ ዘሎ ምላሽ ትህበሉ ኣድራሻ ብጶስጣ ኽትልእከልና ትኽእል ኢኻ።

ምስ ክቡር ሰላምታ፣

ያነ-ማሪ ሃመንት፣ ሓኪም
ናይ ሃገራዊ መደብ ክታበት (RIVM) ሓላፊት